# ክታበት ኣንጻር ሕማማት ኒሞኮካል



**ኒሞኮክ ዝብሃል፡ ነድሪ ሳንቡእ፡ ረኽሲ እዝኒ ወይ ነድሪ ሶርኖ (ሳይነሳይትስ) ከስዕብ ዝኽእል ባክተርያ ኰይኑ፡ ከም ምምራዝ ደም ወይ ሕማም ኣንቅጺ (ማነንጃይተስ) ዝኣመሰለ ልዑል መጠን ሞት ክህልዎ ዝኽእል ከበድቲ ሕማማት እውን ከስዕብ ይኽእል።**

### እዞም ዝስዕቡ ዓይነት ሰባት ነቲ ኽታበት ክወስዱ ይምከሩ፦

- ዕድሚኦም 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ
- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰብነት ዘዳኽም ሕማማት ዘለዎም
- ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ሰብነት ዘዳኽም መድሃኒታት ዝወስዱ
- ነቲ ሕማም ዘቃልዑ ካልእ ሕማማት ወይ ካልእ ጸገማት ዘለዎም ሰባት

### ስለምንታይ እየ ክኽተብ ዘድልየኒ፧

መብዛሕትኦም ብኒሞኮክ ዝልከፉ ሰባት ኣይሓሙን እዮም፣ ገሊኦም ግን ብኸቢድ ይሓምሙ። እቶም ከቢድ ሕማም ኒሞኮካል ዘጋጥሞም መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ሆስፒታል ይኣትዉ እዮም፣ መጠን ሞት ድማ ልዑል እዩ።

ንነብስኻ ንምክልኻል ክትገብሮ እትኽእል ዝበለጸ ነገር፡ ክታበት ኒሞኮካል ምውሳድ እዩ።

እቶም ኒሞኮካል ባክተርያ ኣብ ኣፍንጫን ጎሮሮን ናይ ሰባት፡ ብፍላይ ኣብ ጥዑያት ህጻናት ይርከቡ። እቲ ሕማም ብሰዓል፡ ብምህንጣስ ከምኡውን ብኻልእ ከምኡ ዝኣመሰለ መገድታት ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

ሓያሎ እተፈላለዩ ዓይነታት ክታበት ኒሞኮካል ኣለዉ። ኩሎም ክታበታት ጽቡቕ መከላኸሊ ይህቡ። ሓኪምካ ንዓኻ ዝሓሸ ኣየናይ ክታበት ምኺኑ ይፈልጥ እዩ።

### ክንደይ ግዜ እየ ክኽተብ ዘሎኒ፧

እቶም ክታበታት ጽቡቕ ውጽኢት ኣለዎም። ኣድላይነት ተወሳኺ ኽታበት ከከም እቲ ድሮ ዝወሰድካዮ ዓይነት ክታበት ይፈላለ እዩ። እቲ ክታበት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሽዱሽተ ዓመት ምሕዳስ ልሙድ እኳ እንተኾነ፡ ሕጂ ግን ዳግማይ ምኽታብ ዘየድልዮ ዓይነት ክታበት ይቐርብ ኣሎ። እቲ ክታበት ዘድልየካ እንተኾይኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

### ክታበት ኒሞኮካል ምስ ካልኦት ክታበት ኣብ ሓደ ግዜ ክወስድ እኽእል ድየ፧

ክታበት ኒሞኮካል፡ ኮሮና፡ ከምኡውን ኢንፍሉዌንዛ ብሓደ ግዜ ክውሰድ ይከኣል እዩ፣ ክታበት ኒሞኮካል ግን ዓመት ዓመት ዝውሰድ ኣይኰነን።

### እቲ ክታበት ጎናዊ ሳዕቤን ኣለዎ ድዩ፧

ኣለርጂ ወይ ካልእ ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤናት ዘጋጥም ሳሕቲ እዩ።

### ክታበት ኒሞኮካል ኣበይ ክወስድ እኽእል፧

ኣበይ ክትክተብ ከም እትኽእል ምስ ሓኪምካ ወይ ኣብ ወብሳይት ናይ ኮሙነ ተወከስ።

ብሕማም ናይ ምልካፍ ልዑል መጠን ኣብ ዘለዎም ጕጅለ ዝምደቡ ሰባት ነቲ ክታበት ብናጻ ክረኽብዎ ይኽእሉ እዮም፣ እንተኾነ ግን መብዛሕትኦም ሰባት ክኸፍሉ ኣለዎም። ኣብታ 65 ዓመት እትመልኣላ ዓመት፡ ብመደብ ክታበት ንዓበይቲ ኣቢልካ ነቲ ክታበት ብዝነከየ ዋጋ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። ብሰንኪ ስራሕካ ንሕማም እንተ ተቓሊዕካ፡ ኣስራሒኻ ነቲ ወጻኢታት ክሸፍኖ ኣለዎ።

ተወሳኺ ኣብዚ ኣንብብ፦
fhi.no/voksenvaksinasjon

FHI